ብፍቓድ እቶም ሕዝቢ ታቦት ናይ "ኣርባዕቱ እንስሳ" ኣብ ውሽጢ ቤተክርስቲያን ቅዱስ ሚካኤል ብወገን ሰሜን ከም ዝልሳይ ታቦት ተነቢሩ ይርከብ።

ናብዙ ከባቢ ኣመጻጽኣ ካቶሊካዊ እምነት ብዝምልከት፡ ኣባ ያዕቆብ ዩስጢኖስ[38] (ድኃር "ቅዱስ" ኣቡነ ያዕቆብ) እንካብ ዓድዋ ናብ ዓጋመ - ጐልዓ መጺኦም ዘርኣክህነት ምስ ጀመሩ ናይ ሃይማኖት ስደት ተልዓሎም፤ ኣባ ተኽለጊዮርጊስ ዝተብሃሉ ወዲ ዓባበና (ኢሮብ) ናይ ጉንደጉንደ መነኰስ ዝጸንሑ ድኃር ግን ካቶሊካዊ እምነት ብምኽታል ኣብ ጐልዓ ምሳኦም ዝነበሩ ምስ ኣቦኦም ኰይኖም መሪሖምዎም፡ ንመጀመሪያ ጊዜ ናብ ዓሊተና ዝኣተዉ ብ 29 ሰነ 1837 ዓ.ም. ኢዩ። ስሳ ሸማግለታት ዓድን ሸድሽተ ሚእቲ ዝኾኑ ኣጕባዝን ብመሪሕነት ሓንታ ፃዕሩ ተስፋሓንስ ኣብ ዓሊተና ተኣኪቦም ብምጽናሕ ብዓቢይ ክብሪ ተቐበሉዎም። ቅዱስ ኣቡነ ያዕቆብ ምስ ደቀባት ሕዝቢ ኢሮብ ውዕሊ ተኺሎም፡ ባዕሎምን ተኸተልቶምን መሠረት ሰብከቶም ዓሊተናን ጐልዓን ብምግባር ናብ ካልእ ቦታታት ሰሜን ኢትዮጵያን ኤርትራን ሰብከቶም ኣስፋሕፍሑ። እቱ ውዕሊ፡- ብወገን ሕዝቢ-ኢሮብ፡ **1/ ንኣእምን ንካህናቶምን ዓዲ ከምዘየልቅቑዎም፤ 2/ ንዝተቐበልዎ ሃይማኖቶም ከምዘይጠልሙ፤ 3/ኣቡነ ያዕቆብን ካህናቶምን ዝሐሸ ሰፌሕን ልሙዕን ዓዲ ረኺብና ኢሎም ዓዲ ለቒቖም ኃዲጎምዎም ከይኸዱ፤ ዝብል እንክኾን፤** ብወገን ኣቡነ ያዕቆብ ከዓ : **"1/ ካህን ዘይብሉ ታቦት-ማርያም (ናይ ተዋህዶ) ብምጽናሑ፤ 2/ ብዝኂ ብዘለዎ ሕዝቢ ተቐባልነት ብምርካበይ፤ 3/ እተገብኤ ናይ ካህናት ሥራሕ ክግበረሉ ዝኽኣል ዓዲ** ብምኳኑ፤ 4/ ብምኽንያት ሃይማኖት ካብ ዝመጽእ ተጽዕኖ-መሳፍንቲ ገላሳ ዓዲ ብምኳኑ፤ ካብ ኵሉ ዝበጻሕኩዎ ቦታታት ኢትዮጵያ ብእዚኣን ኣርባዕተ ምኽንያታት ከም'ዙ ዓዲ ዝሰማመዐኒ ኣይረኸብኩን፤ ምእንት'ዙይ ከዓ 'ዛቲ ይእቲ ምዕራፍየ ለዓለም፡ ዝየ ኣኀድር እስመ ኀረይክዋ'/መዝ.131:14/ (እዚኣ ንወትሩ መዕረፊተይ ክትከውን መሪጸያ ኢየ)" ኢሎም ብሕጉስ ልቢ ምስ'ቱ ሕዝቢ ውዕልን ኪዳንን ኣተዉ[39]። ብዙ መሠረት ከዓ እንካብ 1837/8 ዓ.ም. ጀሚሩ ዓሊተና ቦታ ዘርኣክህነትን ዋና ገዛ ናይ ማኀበረ ልኡኻን ላዛሪስትን ገይሮም እንካባኡ እናተዋፈሩ ሓዋርያዊ ሥራሖም ኣካየዱ። ሻዑ ዝተተኸለ ዘርኣክህነት ቤት ትምህርቲ፡ ኣባኡ ብ24 ታሕሣሥ 1843 ዓ.ም. ንመጀመሪያ ጊዜ ብኣቡነ ያዕቆብ ክህነት እንካብ ዝተቐበሉ (ሰማዕት ብፁዕ) ኣባ ገብረሚካኤል ኣኪሎ ቐጺሉ ኣቡነ ኣሥራተማርያም የምሩ ኣቡነ ኃይለማርያም ካሕሣይ ኣባ ገብረሚካኤል መኰንን ዝርከቡዎም ብዙኃት ካህናት ከማኡ'ውን ብዙኃት ካቶሊካውያን ምእመናን ከፍሪ ኪኢሉ ኢዩ። እዙ ልደታ ዘርኣክህነት ቤት ትምህርትን ገዳምን ዓሊተና ከስ ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያ ቀዳማይ "ዘመናዊ ትምህርቲ" (academic subjects) ዝተጀመረሉ ካቶሊካዊ ቤት ትምህርቲ ስለዝነበረ ካብ ሸዋን ጐንደርን ማእኸል ትግራይን ኤርትራን እናመጹ ይመሃርሉ ነይሮም ኢዮም[40]። ብ1928 ጣልያን ንኢትዮጵያ ወሪሩ ኣብ ጥቅምቲ 1930 ዓ.ም. ንላዛሪስት ፈረንሳውያን ካህናት ካብ ኢትዮጵያ ምስ ኣውጸኦም ግን ናብ ጐልዓ - ዅዳሓናይ ተዛወረ። ልደታ ት/ቤት ካብ 1928-1953 ተዓጺዩ ጸኒሑ ብሓልዮትን ትግሃትን ናይ ብፁዕ ኣቡነ ኃይለማርያም ካሕሣይን ኣባ ወልደማርያም ካሕሣይን ተሓዲሱ ብ1953 ዓ.ም. ከምብሓዲሽ ስሩዕ ናይ ትምህርቲ መደቡ ጀሚሩ፡ ብምቕጻል ሎሚ ካብ 7ይ ክሳዕ 10ይ ክፍሊ ንኣማእት መንእሰያት ናይ ትምህርቲ ግልጋሎት እናሃበ ይርከብ። እዙ ታሪካውን ብዅሉ መገዲ ንናይ ከባቢ ሕብረተሰብ ዓቢይ ጥቕሚ ዘበርከትን ቤት ትምህርቲ ከይዳኸምን ን'ቱ ኣገዳሲ ኣገልግሎቱ

---

[38] ቅዱስ ኣቡነ ያዕቆብ ዩስጢኖስ

08 Oct. 1800 (29 መስከረም 1793 ዓ.ም.) ኣብ ሳንፈለ (ዓዲ ጣልያን) ተወልዱ።
13 Oct. 1818 (4 ጥቅምቲ 1811 ዓ.ም.) ኣብ ናፖሊ ናብ ማሕበር ልኡኻን (ላዛርስቲ) ኣተዉ።
18 June 1824 (12 ሰነ 1816 ዓ.ም.) ክህነት ተቐበሉ።
10 Mar. 1839 (2 መጋ.1831 ዓ.ም.) ብር.ሊ.ጳ.ጎርጎርዮስ መበል ፲፮ "ሓዋርያዊ ሊቀ ካህናት ዘኢትዮጵያ ወዘአድያሚሃ" ተሸሙ።
29 Oct. 1839 (19 ጥቅምቲ 1832 ዓ.ም.) ዓድዋ ኣተዉ።
10 Dec. 1844 (2 ታሕሣሥ 1837 ዓ.ም.) ኣብ ጐልዓ ቦታ ዓደጉ።
06 July 1845 (29 ሰነ 1837 ዓ.ም.) ብኣባ ተክለጊዮርጊስን ኣቦኦምን ተመሪሖም ዓሊተና ኣተዉ።
07 Jan. 1847 (30 ታሕሣሥ 1841 ዓ.ም.) ኣብ ምጽዋዕ ብኣቡነ ማስያስ ጵጵስና ተቐብኡ።
31 July 1860 (25 ሓምለ 1852 ዓ.ም.) ኣብ ዓሊገደ (ዓሊጋደ) ዓረፉ።
26 Oct. 1975 (15 ጥቅምቲ 1968 ዓ.ም.) ብቤተክርስቲያን "ቅዱስ" ተብሃሉ።



[39] እዙ ታሪክ'ዙይ ኣብ ሕዝቢ ኢሮብ ክሳዕ ሎሚ ብኽብሪ ዝዝከርን ዝፍለጥን ኢዩ። ከማኡ'ውን
Kevin O'Mahoney, W.F., The Ebullient Phoenix : A History of The Vicariate of Abyssinia, Book I, Ethiopian Study Centre, Asmara, 1982, pp.48-49. ርአ።

[40] እኒ ሊቀ-ጳጳሳት ኣቡነ ኣሥራተማርያም የምሩ፡ ኣባ ገብረሚካኤል መኰንን፡ ብላታ ሞገሴ፡ ወዘተ. ከም ኣብነት ክጥቀሱ ይከኣል።